ክለን 26.06.2010

# ህዝባዊ መኸተ ኣንጻር ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ፣

# ኣብ ክለን

ናይ ሎሚ መኣከቢና ነቲ፣ ካብ ጥሪ 2010 ጀሚሩ ኣብ መላእ ሃገርን ወጻእን „ 2010 ዓመት መኸተን ምድንፋዕ ሃገራዊ ሓይልን“ ብዝብል ኣርእስቲ ዝተጀመረ ሰሚናራት፣ በቲ መዘና ዘይርከቦ መንእሰያትን ዓበይትን ትምህርቶምን ስርሖምን ገዲፎም ዝተኻፈልዎ ዕዉት ሰላማዊ ሰልፊ ጀነብ ዝቖጸልናዮ፣ ብድሕሪኡ ድማ ብዘመተ ደብዳቤታት ንፕረሲደንት ባራክ ኦባማ ዝመላእናዮ ህዝባዊ መኸተ፣ ብኸመይ ንቕጽሎ፣ ብኸመይ ፈታውን ጸላእን ክርስዖ ዘይክእል መልክዕ ነትሕዞ ኣብ ዝብል ንምዝታይን ንምውሳንን እዩ።

ኣብቲ ዝተባህለ ሰሚናራት ህዝብና ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብጽኑዕ መንፈስ ድልውነቱ ንመኸተ ገሊጹ እዩ። ትጽቢት ጸላእትና፣ ህዝብና በዚ ዝኣወጅዎ እገዳ ክርዕድን ክምብርከኽንኳ እንተነበረ፣ በንጻሩ ዘይተጸበይዎ ሓያልን ሰሙርን መኸተዩ ገጢምዎም። ብዝሓን ተራን መንእሰያት ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ክምህ ዘይበለ ሓይሊ ዋርሳይ ይድንፍዕ ምህላዉ ዝእምት ብምዃኑ ንጸላእቲ ራዕዲ ኣእትዩሎም ኣሎ።

➢ **እዚ ህዝባዊ መኸተዚ መቐጸልታ ናይዞም ዝሰዕቡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ዝሓለፍናዮም መኸተታትዩ።**

- ብኣመሪካ ዝተደገፈ ወራር ወያነ መኪትና
- ድሕሪቲ ወራር ንዝሰዓበ ተጻብኦን ውዲትን ኣፍሺልና
- ምስ ኩሉዚ ተጻብኦታትዚ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሓያል ገስጋስ ኣመዝጊብና
- ናብ ሓድሽ መድረኽ ንምእታው ጻዕርታት ኣብ ዘካየድናሉ እዋን ኣብ መወዳእታ 2009 ፍሽለታ ክትቅበል ዘይክኣለት ኣመሪካን መገበሪያታታን (ወያነን ካልኦትን) ግስጋሰና ንምዕጋትን ንድሕሪት ንምምላስን ክም መቐጸልታ ናይቲ ዝጸንሐ ተጻብኦታት እገዳ ኣዊጆምልና።

➢ **መኸተ ንኽዕወት ዕላማ ጸላእትና ብግቡእ ምግንዛብ የድሊ። ጸላእትና፣ ብመገዲ እዚ እገዳዚ ክረጋግጽዎ ዝደልዩ ዕላማ ብሓጺሩ፣**

- ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዞባውን ዓለማውን ተነጽሎን ከበባን ብምሕያል
- ዜናውን ስነኣእምሮኣውን ኲናት ብምጽዓቕ
- ቁጠባዊ ሽርክነትን ወፍርን ብምንፋግን ቁጠባ ብምድኻምን ናብራ ህዝቢ ከምዘንቆልቁል ብምግባርን
- ንጸላእቲ ኤርትራ ብምትብባዕን ብቐጥታን ብመገዲ ሃሱሳትን ሽርሒታትን ተጻብኦን ብምዕባይን
- ክመጽእ ዝጸንሐ ኣወንታዊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለታት ብምኹላፍ
- ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝርዕድን ተሳትፎኡን ኣበርክቶኡን ከም ዘንቆልቁልን ጌርካ ሃገሩ ገዲፉ ንክኸይድ ብምድፍፋእን ➔ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብምድኻም ንምንብራካኾም እዩ።

➢ **እቲ ናይ ምምብርካኽና ዕላማ ግን፣ ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ብጭቡጥ ከም ዘተረጋገጸ ፈሺሉዩ።**

ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ኤርትራዊ ብሓደ ድምጺ ነዚ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ኮኒንዎ። ኣብ ውሽጢ ዝነብር ህዝቢ መኸትኡ ብጽኑዕ ሕልንኡ ሃገራዊ ዓቕሙ ንምድንፋዕ ብስራሕ ክም ዝገልጾ ክረጋግጽ ከሎ፣ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ድማ ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ክም ዘለዉ፣ ንመኸተ ድልዋት ምዃኖም፣ ብናይ መኸተ ሰሚናራትን ካልእ ዝተፈላለየ ንጥፈታትን ኣረጋጊጾም እዮም። ኣብ ኤውሮጳ ኣውስትራልያ ኣመሪካ ብዕለት 22 ለካቲት 2010 ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፍታት ተኻይዱ። 140 ሽሕ ናይ ተቓውሞ ፌርማታት ተኣኪቡ ናብ መንግስታትን ኣህጉራውያን ውድባትን

ተሰዲዱ። ኣብ ኣመሪካ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን ናብ ኣብያተ ጽሕፈት መንግስቲ ኣመሪካ ፋክስን ቴሌፎንን ኢመይልን ብምልኣኽ ዓቕሉ ኣጸቢበሙሉ ውዒሎም። ኣብ ኤውሮጳውን ዓሰርተታት እሽሓት ናይ ኣምቢ ንእገዳ ደብዳቤታት ንፕረሲደንት ኦባማ ተላኢኹ።

- ነዚ ምንቅስቓሳትዚ ንምዕንቃፍ ብፍላይ ወያኔን ሃሱሳትን ምፍርራሕን ጸቕጥን ፈቲኖም ኣይሰርሓሎምን። ጸላእትና በዚ ዘይተጸበይዎ ሓያል መልሰ-ግብሪ ኤርራውያን እቲ ብእገዳ ከረጋግጽዎ ዝደለዩ ፖለቲካዊ ዕላማታት ከም ዝፈሸለ ክግምግሙ ተገዲዶም እዮም። ኮይኑ ግን እቲ እግዳ ከይተሳሕበን ከይተሰረዘን መኸተና ክምህ ክብል የብሉን። ኩሉ ብዓላትና፡ መዓልቲ ሰውእትን፡ ፈስቲቫልን ብክብ ዘበለ ድምቀት ብምብዓል ናብ ጸላእትና ንጹር ናይ መኸተ መልእኽትና ከነመሓላልፍ ኣሎና። ነቲ ኣብ ሃገርና ዝትግበር ዘሎ መደባት ልምዓት ቀንዲ መግለጺ መኸተን ዋሕስ ሃገራዊ ድሕነትን ስለ ዝኾነ ኣፍራይነቱ ክብ ንምባል ዝክእለና ሓገዝ ክንገብር ኣሎና።
- እዚ ንጥፈታትዚ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ንቅሓትን ድልውነትን ኣብ ርእሲ ምምስካሩ፡ ካብኡ ንላዕሊ ክንግብር ከምእንኽእል ኣርእዩና ኣሎ። ስለዚ ሃገራዊ ዓቕሚታትና እገዳ ንምምካትን ኪኤሉ ድማ ሃገራዊ ድሕነትና ንምውሓስ ሃገርና ንምህናጽን ብዝለዓለ ደረጃ ከነኽትቶን ክንውድቦን ይግባእ።
- ዲፕሎማሲያዊ መኸተ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ነቲ ብድፍኢት ኣመሪካ ዝተበየነ እገዳ ዝኽሽሕን ኣረኣእያና ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ዘነጽርን መልእኽትታት ፕረሲደንት ናብ ኣስታት 40 ሃገራትን ውድባትን ተላኢኹ ኣብ ኣስታት 20 ዝኾና ሃገራት ዓለም ድማ ዑደት ተጌሩ ጽቡቕ ውጽኢት ድማ የርኢ ኣሎ። ብዛዕባ ጉዳያት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝሓሸ መረዳእታ ይምዕብል እውን ስለዘሎ እቲ ኣመሪካ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍን ከተሕልፎ ዝፈተነት ናይ መገሻ እገዳ፡ ካብ 3 ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዓለም ማለት፡ ቻይና፡ ፈረንሳን ሩስያን ካብ ዘይቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ድማ ጃፓን ብራዚል ኣውስትርይ ተቓውሞ ገጢምዎ ካብ እገዳ ናጻ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ንኣመሪካን ወያኔን ሃሱሳትን ወይጠታትን ዓቢ ጽፍዒት ንመኸተና ድማ ዓቢ ዓወት እዩ።
- ነቲ ምስ ጂቡቲ ኮነ ኢልካ ዝተኣልመ ግጭት ንምዕራፍ ብጎረባብቲ ሃገራት ተበግሶ ተወሲዱ ኣሎ። ኤርትራ ነዚ ዘየድልን መሰረት ዘይብሉን ግጭት ንምፍታሕ ከም ወትሩ ድልውቲ ምዃና ኣረጋጊጻ ኣላ።
- ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ናይ ውክልና መሰልና ተቓሊስናሉ ኣብዚ ቀረባ ጊዜ መሰልና ክኽበር ምዃኑ መግለጺ ተዋሂብዎ ኣሎ። ናብቲ ውድብ ዝለኣኽ ኣምባሳደር ተመዚዙ ኣሎ።
- ኣብ መፋርቕ ናይ ወርሒ ሚያዝያ ብኣምባሰደር መክሲኮ ኣብ ሕ.ሃ.ዓ. ዝምራሕ፡ ወከልቲ ኣመሪካ፡ ቱርኪ፡ ወከልቲ ዋና ጸሓፊ ሕ.ሃ.ዓ.፡ ወከልቲ ናይ ባይቶ ጸጥታ ኮሚቲ እገዳ ዝርከብዋ ጉጅለ ኣብ የመን፡ ኤርትራን ኬንያን ሓበሬታ ንምእካብ ዑደት ጌራ ከመዝነበረት ዝዝከር እዩ። ኤርትራ፡ ነታ ጉጅለ ብዛዕባቲ ዘይፍትሓዊ እገዳን መንቀሊኡን፡ ብዛዕባቲ ወያኔ ንኣህጉራዊ ሕጊ ጥሒሳ መሬትና ጎቢጣ ንኽትነብር ዝተገብረ ስቕታ ባይቶ ጸጥታ፡ ብዛዕባ ቅኑዕ ኣፈታትሓ ቅልውላው ሶማልን ብሓፈሻኡ ድማ ቀርኒ ኣፍሪቃን ሰፊሕ ዝርዝራዊ መብርሂ ኣቕሪባ ኣላ። ኣወንታዊ ውጽኢት ንኽህልዎ ትጽቢት ኣሎ።
- ብሓጺሩ መኸተና ምስቲ ዝግበር ዘሎ ዲፕሎማሲያዊ ስረሓት ዓቢ ውጽኢት የርኢ ኣሎ። እቲ እገዳ ከምዝርኹመሽ ብዙሕ ኣንፈታት ይህብ ኣሎ። ድሮ እውን፡ ወያኔን ዓንገልቱን ወይጠታትን ዓበድበድ ክብሉን ብሰንባደ መኣዝኖም ከጥፍኡን ጀሚሮም ኣለዉ። እቲ ቅድሚ ሓጺር ጊዜ፡ ወያኔ ዘቕረቦ ዝርዝር ናይ ክእገዱ ዘለዎም ሰበስልጣን ኤርትራ፡ ካብ ሕጻን ቆልዓውን ዘይትጽበዮ ኮይኑ ምልክት ናይቲ ኣትዩዎ ዘሎ ዓበድበድ እዩ። ንዓና ድማ ምልክት ዓወትናዩ። ኮይኑ ግን ወያነን ሃንደስቲ ናይቲ እገዳን፡ ስርሖም ስለዘይገድፉ እቲ እገዳ ኣሰር ከይገደፈ ስጋብ ዝጠፍእ መኸተና ቀጻሊ ክኸውን ኣለዎ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን